**EMBASSY OF THE STATE OF ERITREA,**
**Pretoria, South Africa**

**ዕለት፡** 19/05/ 2015
**REF: EESA/AMB/LETT/046/15**

ናብ፡ ኣገልግሎት ዜና ኤርትራ -ሚኒስትሪ ዜና ኣስመራ

ጉዳይ፡ ሰሚናር ንኤርትራውያን ከበርቲ ደርባን

ብዕለት 17/05/2015 ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃን ዞባ ደቡባዊ ኣፍሪቃን ኣቶ ሳልሕ ዑመር ዓብዱ፡ ኣብ ከተማ ደርባንን ከባቢኡን ንዝነብሩ ኤርትራውያን ሰሚናር ኣካይዱ።

ኣምባሳደር ሳልሕ ኣብ ዘቕረቦ መግለጺ፡ ዝሓለፈ 16 ዓመታት ኣብ ንጡፍ ምክልኻል፡ ኣብ መኸተን ተጻብኦን ብጽናሕናን፡ ዘመዝገብናዮም ዓወታት ደሚቖም ክረኣዩ ከምዘይጸንሑ ኣስሚሩሉ።

ቀንዲ ኣሳልጦታትና ብዝምልከት፡ ውድቀትና ንዝዕላምኡ ውዲትን ተጻብኦን ከምዘበርዓንናን ኣዳኺምና፡ ልኡላውነት፡ ፖለቲካዊ ርግኣትን ውሽጣዊ ሰላምን ጸጥታን ከም ዝዓቀብና፡ ንቑጠባዊ ዕብየት መሰረት ዝኸውን ዘይነዓቕ ልምዓታዊ ስራሕ ከም ዘካየድና፡ ኣብ ትሕተ-ቅርጺ፡ መዓዝያን መራኸቢታትን ንምምሕያሽ ዝውሰዱ ዘለዉ ስጉምታት፡ ከምኡ'ውን ስራሓት ዕደና፡ መደብ ምስራሕ ኣባይቲ ተበጊሱ ምህላዉን፡ መሰረታዊ ጠለባት ህዝብና ምምላእን ምስ ዝተፈላለያ ሃገራትን ኣህጉራዊ ውድባትን ኣይ ልምዓታዊ ሽርክነት መደባትና እናሰፍሐ ይኸይድ ምህላዉን ኣብሪሁ።

ብምቕጻል ኣምባሳደር ሳልሕ፡ ኣብ ዓውዲ ዲፕሎማሲያ ዓወታትና እናሓየለ ይኸይድ ከምዘሎን ብዛዕባ ኤርትራ ክወሃብ ዝጸንሐ ግጉይ ሓበሬታ እናተቓልዐን እናፈኸሰን ኣብ ርእሲ ምኻዱ፡ ብኣንጻሩ ኣብቲ ቅልውላውን ህውከትን ዝሰፈኖ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኤርትራ እታ እንኮ ሰላምን ርግኣትን ዘለዋ ሃገር ምዃናን፡ እቲ ኣብ ልዕሊኣ ዝወረደ እገዳ ክለዓልን፡ ምስ ኤርትራ ኣብ ሃናጺ ጽምዶ ምእታው ኣገዳሲ ምዃኑን ይግለጽ ከምዘሎን፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣገደስቲ ትካላት ሃገር ንምሕያል ስጉምቲ ምውሳዱን መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንምንጥጣፍ ፍሉይ ስጉምቲ ምውሳዱን ገሊጹ።

ቀጺሉ ኣምባሳደር ሳልሕ፡ ነቲ ተጻባእትና ድኹም ጎድንና ኢሎም ዝሓስቡዎን ቀንዲ ዒላማ ዝገብርዎን ቁጠባና፡ ንምሕያሉ ኣበርክቶ ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ኤርትራውያን ኣገዳሲ ምዃኑ ተገንዚቦም ምእንቲ ክንናድብዎ ሽርሕታት ከምዝኣልሙ ኣብሪሁ።

ራእይን ቅኑዕ ፖለቲካዊ መስመርን ህ.ግንባር ብምዝርዛር፡ ንቕሓት ህዝቢ ምብራኽ መሰረት ናይ ኩሉ ንጥፈታትናን መደባትናን ኢዩ ኢሉ። ብዘይ ተሳታፍነት ህዝቢ ክሳለጥን ክዕመም ዝኽእል መደብ ስለዘየለ፡ ተሳትፎ ህዝቢ ምስፋሕን ምኹስኳስን ኣገዳሲ ኢዩ ድሕሪ ምባል፡ ውዳበ ሓይሊ ኢዩ፡ ንውሑዳት ማዕረ ብዙሓት ዝገብር ስለዝኾነ፡ ውዳበ ህግደፍ ከየሐየልና ሃገር ክንሃንጽ ኣይንኽእልን ኢና፡ ናይ ጸላእትና ውዲትን ተጻብኦን ዋሕዚ መንእሰያትና ናብ ስደት ዘንሃረን በለጽን ክድዓትን ዘተባብዐን ዝደረኸን ይኹን'ምበር፡ ሳላ ጽኑዕ መኸተና ፈሺሉ ኢዩ፡ ኢሉ።

ኣምባሳደር ሳልሕ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ ኣብ ደ/ኣፍሪቃ ንዘጋጠም ጽልኣዊ መጥቃዕቲ ወጻእተኛታት (ዚኖፎብያ) ኣመልኪቱ፡ ብዛዕባ ጠንቁን ታሪኻዊ ኣመዓባብልኡን፡ ብዛዕባ ተግበርቱ፡ ግዳያቱን፡ ዘጋጠሙ ፍጻሜታትን ናይ መንግስቲ

ግብረ-መልስን፡ ኣብቲ ግዜቲ ብኤምባሲ ኤርትራ ዝተግብረ ምክትታልን ንጥፈታትን፡ ሰፊሕ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ኣብ ቀጻሊ ብወገን ኤርትራውያን ክውሰዱ ዘለዎም ጥንቃቐታት ሓቢሩ፣ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዛጊት ዝተራእየ ሓደጋ'ኳ እንተዘይነበረ፡ ንቐጻሊ ጥንቃቐታት ክገብሩን ንቐጻሊ ጠመተኦም ኣብታ ውሕስነትን ምርግጋእን ዘለዋ ሃገሮም ክገብሩ፡ ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ ካብ ተሳተፍቲ ንዝቐረበሉ ሕቶታት መሊሱን ንርእይቶታቶም ሰሚዑን።

ኣብዚ ኣጋጣሚ፡ ብዛዕባ ምዝገባ ሓድሽ ኤርትራዊ ወረቐት መንነት ንምውናን ዘድልዩ ቅጥዕታት ዝምልከት ሰፊሕ መብርሂ ተዋሂቡ።

ኣብ መወዳእታ ኤርትራውያን ነበርቲ ደርባንን ከባቢኡን ሸውዓተ ዝኣባላታ ሓዳስ ኣካያዲት ኣካል ማሕበረ-ኮም መሪጾም። ኣምባሳደር ሳልሕ ነታ ሓዳስ ዝተመርጸት ኣካያዲት ኣካል ጽቡቕ ናይ ስራሕ እዋን ብምምናይ፡ ንዕማማታ ዝምልከት ለበዋን ምኽርን ለጊሱላ።

ዓወት ንሓፋሽ!
ኤ/ሃ/ኤርትራ ደ/ኣፍሪቃ

Adm. & Finance
Pretoria - South Africa
Embassy of The State of Eritrea